KANTON AARGAU

# ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ካንቶን ኣርጋው



## ሓበሬታ ንወለዲ ትግሪኛ (Tigrinya)

**DEPARTEMENT**
**BILDUNG, KULTUR UND SPORT**
Abteilung Volksschule

**ሓበሬታ ንወለዲ**
Departement
Bildung, Kultur und Sport
Abteilung Volksschule
Bachstrasse 15
5001 Aarau

Tel. 062 835 21 00

E-Mail: volksschule@ag.ch
www.ag.ch/volksschule

**ስእልታት:**

fotolia
Kanton Aargau

**መሰል ደራሲ:**

© 2016 Kanton Aargau

# መቕድም/መእተዊ

ኣብዚ መጽሔት'ዚ ቀሪቡ ዘሎ: ብዛዕባ ኣብ ካንቶን ኣርጋው ዘሎ ሜላ ኣገባብ ትምህርቲ: ኣገደስቲ ሓበሬታታት ክንህበኩም ንፈቱ: ኣፍልጦ ናይዚ ሓበሬታዚ ደቅኩም ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ንትምህርቲ ዘድልዮም ኩሉ ምድላዋትን: ስነ-ኣእምሮኣዊ ምቅርራብን ብዝግባእ ንክዳለውሉ ይሕግዝ:

ድሕር ሓጺር ጠመተ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ናይ ካንቶን ኣርጋው ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ: ነቲ ቤት ትምህርቲ ኣቑሞምዎ ዘለዉ ቀንዲ መሰረታዊያን ረቛሒታት ክንገልጽ ኢና:  ከም መዛረቢ ነጥብታት: ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ደረጃታት: ናይ ትምህርቲ ዓይነት: ተወሳኪ ኣብ ትምህርቲ ዝጥለቡ ስጉምትታት ወይ ምርጫታት: ምስ ንጥፈታት ትምህርቲ ዝኸዱ ናይ ምኽሪ ትካላት: ምስ ሞያዊ ስልጠና ዝኸዱ ቀረባት ሞያዊ ትምህርቲ: ከምኡውን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝኸዱ መደባት ትምህርቲ ብዝርዝር ተገሊጾም ኣለዉ:

ኣብ ምዕዋት ትምህርታዊ ወፍሪ ንምምዕባል ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ: ሓደ ኣገዳሲ ነጥቢ: ብኩሉ ወገን ልዑል ተደላይነት ዘለዎ: ናይ ወለዲን ኣካላት ቤት ትምህርቲን ተሓባቢርካ ብጥምረት ምስራሕ ኢዩ: እዚ ሓደ ርእሱ ዝኸኣለ ምዕራፍ ሒዙ ይርከብ:

ኣብ መወዳእታ ናይ ነፍሲ ወከፍ ምዕራፋት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ: መወከሲ ኣድራሻ: ቁጽሪ ተለፎን: ኣድራሻ ኢንተርነት ተጠቒሱ ይርከብ: ተወሳኺ ሓበሬታ: ኣብ መዓልቲ ወለዲ: ንወለዲ ዝዝርጋሕ ሓበሬታን መምርሒን ክትወሱ ይከኣል: ደቅኹም: ናብ መዋእለ ሕጻናት: ወይ ናብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝምደብሉ ወይ ዝውዝዕሉ ግዜ: ውልቃዊ ሕቶታት ወይ ጠለባት ምስዝህልወኩም: ብቐጥታ ንመምሃራን ወይ ሓለፍቲ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ተወከሱ:

ብምቕጻል: ንደቅኹም ጽቡቕ ምጅማር ትምህርቲ ኣብ ካንቶን ኣርጋው ንምነየሎም:

ክፍሊ ትምህርቲ: ባህልን ስፖርትን

ጨንፈር ህዝባዊ ትምህርቲ

# ሓፈሻዊ ቶላሕታ ወይ መግለጺ (Volksschule) /ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ/ ኣብ ካንቶን ኣርጋው

ኣብ ካንቶን ኣርጋው ዝነብሩ ኩሎም ቆልዑትን መንእሰያትን: ትምህርቲ ክመሃሩን ክከታተሉን ሓደ መሰረታዊ ግዴታኦም ኢዩ: እዚ መሰረታዊ ትምህርቲ ን 11 ዓመት ይጸንሕ/ይቕጽል: እዚ ሕጻን 4 ዓመት ምስ መልአ: ኩሉ ግዜ ኣብ ካልኣይቲ ሰኑይ ናይ ወርሒ ነሃሰ ይጅምር:

## ግዴታዊ ናይ ትምህርቲ ግዜ:

እዚ መሰረታዊ ግዴታ ናይ ትምህርቲ ግዜ: ኣብ ሰለስተ ደረጃታት ይኽፈል:

- ክልተ ዓመት ዝጸንሕ መዋእለ ሕጻናት/ Kindergarten /
- ሽዱሽተ ዓመት ዝጸንሕ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ/ Primarschule /
- ሰለስተ ዓመት ዝጸንሕ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ/ Oberstufe /: እዚ ከከም ዓይነት ትምህርቲ: ስሩዕ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ / Realschule /: ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ/ Sekundarschule /: ናይ ወረዳ ደረጃ ትምህርቲ/ Bezirksschule / ተባሂሉ: ኣብ ሰለስተ ይምቀል:

ኣብ ርእሲ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ዓይነት ትምህርቲ: ንቆልዑት ከከም ዝምባሌኦምን ጠለባቶምን ዝኣንፈተ: ናብ ድልየቶምን ዓቕሞምን ንክምርሑ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ መልክዕ ዝሓዙ ከም ንእሽቶይ ክፍሊ / Kleinklasse ወይ መሳለዪ/Einschulungsklasse / ዝበሃሉ ዓይነት ትምህርቲ ይጠቓለሉ: ዝርዝር መግለጺ ናይዞም ዓይነት ትምህርቲ'ዚኣቶም ኣብ ትሕዝቶ ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርትን ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትን (Primarschule und Oberstufe [Sekundarstufe]) ኣንብቡ።


## ፍሉይ ትምህርታዊ ኣገልግሎት

ብባህሪያዊ ተፈጥሮኦም  ወይ ብሓደጋ ኣካለ ስንክልና ንዘለዎም ቆልዑት ወይ መንእሰያት ኣብ ቤት ትምህርቲ ብፍሉይ ቶላሕታ ይሕገዙ:  ነዚ ዝምልከት ፍሉይ ትምህርታዊ ደገፍን ምኽስኣን:  ምስ ኩነታቶም ብዝሰማማዕ ጥበብ ስነ ትምህርቲን ብውሁድ ኣገባብ ምስ ስሩዕ ትምህርቲ ወይ ኣብ ንኣሽቱ ክፍልታት ብምምዳብ ዕዉታት ከምዝኾኑ ይግበር:

# ፌደራላዊ ስርዓተ- ትምህርቲ

ኣብ ስዊዘርላንድ ሜላ ኣገባብ ትምህርታዊ ስልጥና ኣብ ፌደራላዊ ስርዓት ዝተመስረተ ኢዩ: ነብሲ ወከፍ ካንቶን ነናይ ገዛእ ርእሰን ኣመሃህራ ሜላ ኣለወን: ካንቶን ናይ ትምህርታዊ ምኹስኻስ ምህናጽን ቆልዑትን መንእሰያትን ዝለዓለ ሓላፍነት ዝስከም ኮይኑ ስርዓተ ትምህርቲን ሕግታቱን ይሕንጽጽን ተግባራዊነቶም ይከታተልን: ምምሕዳር ከባቢ (ገማይንደ) ከኣ ኩሉ ኣካይዳን ጸጥታን ስነ-ስርዓትን ይሕሉ:

እዚ ዝስዕብ ስእላዊ መግለጺ: ሓፈሻዊ ጦብላሕታ ወይ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣቓውማ ሕጋዊ ወይ ግዴታዊ ትምህርቲ ናይ ካንቶን ኣርጋው ይሕብር: እዚ ስእላዊ መግልጺዚ ካብ ታሕቲ ጀሚሩ: ብዛዕባ ምጅማር ትምህርቲ: ክሳብ ላዕሊ ብዛዕባ ምዝዛም ትምህርቲ ይሕብር:




WJ: Werkjahr: ንትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ካብ ንእሽቶይ ክፍሊ ደረጃ ትምህርቲን ካብ ወግዓዊ/ስሩዕ ደረጃ ትምህርቲ ንዝመጽኡ   ይወሃብ:
BWJ: Berufswahljahr: ንትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ካብ ስሩዕ/ወግዓዊ ደረጃ ትምህርቲ ንዝመጽኡ ይወሃብ:
IBK: Integrations- und Berufsfindungsklasse: መበል 11. ክፍሊ ንትሕቲ ዕድመ መንእሰያት እንተ በዝሐ 2 ዓመት ኣብ ስዊስ ንዝተቐመጡ: ካብ መበቆላዊ ዓዶም ወይ ሃገሮም ስሩዕ/ግቡእ መባእታዊ ትምህርቲ ንዝወድኡ ዝወሃብ ኢ።

# ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ኣብ ካንቶን ኣርጋው

**መንበሪ ገዛ ሓድሽ ምስትቅይሩ/ራ: ዉሉድኩም ኣበየናይ ቤት ትምህርቲ ከተመዝግብዎም ከምዘለኩም ሓበሬታ ንምርካብ: ኣብቲ ኣቲኹምዎ ዘለኹም ምምሕዳር ከባቢ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኬድኩም ኩሉ ዘድሊ መምርሒ ተወከሱ: ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ዝርከብ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ እውን ብቐጥታ ክትውከስዎ ትኽእሉ:**

## ሓፈሻዊ ሓበሬታ

ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ቤ ትምህርታት ስሩዕ ግዴታዊ ትምህርቲ ንኩሉ ነባሪ ናይቲ ከባቢ ብነጻ ይወሃብ: እቲ ምምሕዳር ከባቢ,ንኣብቲ ከባቢ ዝነብሩን ናብ ትምህርቲ ዝኣኸሉን ቆልዑት ተመሃሮ ኩሉ ንትምህርቲ ዘድሊ መሳርሒ ትምህርቲ ብነጻ ይቕርብን ይህብን: ኩሉ ሕዝባዊ ቤት ትምህርቲ ንኩሉ ሃይማኖት ብማዕረ ይርእዮምን የኽብሮምን: ንኩሉ ዝኣምንን ዘይኣምንን ሰብ ወይ ተመሃራይ ብመሰረት ዓንቀጻት ሕገ/መምርሒ መንግስቲ መሰሎም ዝተሓለወ ኢዩ: ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብሓንሳብ ይመሃሩ: ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ከኣ ይወሃቦም:

## ሰብ መዚ/ ሰበ-ስልጣን ትምህርቲ

ኣብ ካንቶን ኣርጋው: ስርዓተ ትምህርቲን: ስልጠና ትምህርቲን: ብክፍሊ ስልጠና ትምህርቲ: ባህልን ስፖርቲን/Departement Bildung, Kultur und Sport (BKS)/ ይምራሕ/ይምእዘዝ:

ኣብ ነብሲ ወከፍ ምምሕዳር ከባቢ: ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲን ወሃብቲ ኣገልግሎት ትምህርቲን: ሓላፍነት ናይተን ኣብቲ ከባቢ ዘለዋ ትካላት ትምህርቲምሉእ ሓላፍነት ይስከሙ: ወሃብቲ ኣገልግሎት ቤት ትምህርቲ: ብድምጺ ህዝቢ ነበርቲ ናይቲ ምምሕዳር ከባቢ ይምረጹ: ሓላፊ/መራሒ ትምህርቲን ስልጠናን ናይቲ ከባቢ ከኣ ሓደ ካብቶም ወሃብቲ ኣገልግሎት ኮይኑ ብድምጺ ናይቶም ወሃብቲ ኣገልግሎት ይምረጽን ሓላፍነት ይስከምን:

## ምስክር ወረቐትን ምሕላፍ ደረጃ ትምህርቲን

ኣብ መዋእለ ሕጻናት: ወለዲ ናይ ደቆም ዕብየትን ምዕባለን ዝግምግም ቅጥዒ: ኣብ መወኣእታ ናይቲ ዓመተ-ትምህርቲ ከም ምስክር ወረቐት ይወሃቦም:

ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቲን ኣብ ትሑት ደረጃ ትምህርቲ/ መሳለዪ ትምህርቲ/ ንዝመሃሩ ቆልዑት: ኣብ ፍርቂ ዓመት/ መንፈቕ: ከም ግዝያዊ ጸብጻብ: ንጥፈታቶን ዕብየቶምን ዝገልጽ ምስክር ወረቐት: ኣብ መወዳእታ ዓመት ከኣ ናይ ቃልን ጽሑፍን ምስክር ወረቐት ይወሃቦም:

ካብ 2ይ ክፍሊ ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ ክሳብ 3ይ ዓመት ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ: ኩሎም ተመሃሮ ኣብ መወድእታ ፍርቂ ዓመት/መንፈቕ: ግዝያዊ ጸብጻም ግምገማ ንጥፈታትን ዕብየትን ብቕዓቶም ዝእንፍት ነጥብታት: ከምኡ ውን ኣብ መወዳእታ ናይቲ ዓመት-ትምህርቲ: ናይቲ ዓመት ምሉእ ነጥብታት ዝሓዘ ምስክር ወረቐት ይወሃቦም:

እቲ ዝበለጸ ወይ ዝለዓለ ነጥቢ: 6 ኢዩ: እቲ ዝተሓተ/ዝሓመቐ ነጥቢ ከኣ 1 ኢዩ:

ዝርዝራዊ ሓበሬታ ናይ ሓደ ተማሃራይ: ንጥፈታት ተሳትፎኡ ኣብ ትምህርቲን: ገምጋማዊ ፍርዲ ነጥብታቱን: ኣብ መጽሔት “ ፍርዲ ወይ ግምገማ ንጥፈታትን ምሕላፍ ትምህርቲን ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ካንቶን ኣርጋው/ “Leistungsbeurteilung und Promotionen an der Volksschule Aargau“ ብሰፊሑ ተገሊጹ ይርከብ:

Weitere Informationen: www.ag.ch/leistungsbeurteilung-volksschule

## ስሩዕ ምብጻሕ/ምክትታል ትምህርቲ

ወለዲ ወይ ወኪል ወለዲ: ቆልዑት ብስሩዕ ትምህርቲ መዓልታዊ ንክወፍሩ/ክሳተፉ: ናብ ቤት ትምህርቲ ክሰድዎም ይግደዱ: ነብሲ ወከፍ ነዚ ሓላፍነት ወሲዱ ንደቂ ወይ ውሉዱ ናብ ቤት ትምህርቲ ምስዘይሰዶም: ወይ ብዘይ ምኽንያት ምስዘብኩሩ: ብሕጊ ይቕጻዕ:



## Unvorhersehbare Absenzen/ዘይተሓሰበ ወይ ባጋጣሚ ምብኳር

ቆልዑት ብብቑዕ ምኽንያት ናብ ትምህርቲ ክኸዱ እንተዘክኢሎም: ወይ ብርሑይ ጸገም ትምህርቲ ንክብኹሩ እንተተገዲዶም: ብጽሑፍ ንቤት ትምህርቲ ክሕብሩ ይግባእ: ካብ ትምህርቲ ንክብኹሩ ቅቡላት ምኽንያታት ዝኾኑም ፍቓድ ምብኳር ዘወሃቦም እዞም ዝስዕቡ ከም ኣብነት ይጥቀሱ:

--ብምኽንያት ሕማም ናይ ተማሃራይ

--ብምኽንያት ሞት ወይ ሓዘን ኣብ ስድራ ቤት

ሕድገታት ዘይተገብረሎም ብኩራት ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ (ናይ ወረዳ ትምህርቲ- ካልኣይ ደረጃ ትምህርትን ሓቀኛ ትምህርትን) Oberstufe (Bezirks- Sekundar - und Realschule) ኣብ ሓሓሊፉ ዝግበር ግምገማን ኣብ ዓመታዊ ምስክር ወረቐትን ይሰፍር።

## ሕድገታት ትምህርቲ ወይ ዕርፍቲ ትምህርቲ

ብመሰረት መምርሒ ቤት ትምህርቲ ካንቶን ኣርጋው: ወለዲ ንደቆም ብፍቓድ: ኣብ ርብዒ ዓመት: ሓደ ፍርቒ መዓልቲ: ብዘይ ገለ ዝኾነ ምኽንያት ክብኹሩዎም ይፍቐድ: ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ከኣ ክልተ ግዜ ፍርቒ መዓልቲ: ወይ ብጥርኑፍ ሓደ ምሉእ መዓልቲ ብዘይ ገለ ምኽንያት ክብኹሩ ይፍቀድ:

ንካልእ ፍሉይ ፍቓድ /ሕድገት/ ምብኳር ትምህርቲ ግን: ካብ ኣገልገልቲ ቤት ትምህርቲ/Schulpflege/ ወይ ብኣገልገልቲ ቤት ትምህርቲ ዝተመዘ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ: ብጽሑፍ ፍቓድ ክሕተት ይከኣል: ነዚ ፍሉይ ፍቓድ ምብኳር/ሕድገት / ከም ቅቡላት ምኽንያታት ዝኾኑ:

- ንጡፍ ተሳትፎ ኣብ ስፖርታዊ ምርኢት
- ዓቢ ሃይማኖታዊ በዓል
- ምድላይ ወይ ምፍታን ካልእ ዓይነት ትምህርቲ/Schnupperlehre/ ዝኣመሰሉን እዮም:

ብተወሳኺ ካብ ንቡር ወጻኢ ጠለብ ወይ ሕድገት ዘድልዮ ምብኳር ካብ ትምህርቲ ምስ ዘጋጥም: ካብ ቤት ትምህርቲ ፍሉይ ፍቓድ ብምሕታት ናብቲ መደብ ምኻድ ይከኣል: እዚ ግን ንነዊሕ ግዜ ዝኸይድ: ካብ ትምህርቲ ዘሰናኽል ክኸውን የብሉን:

ንነዊሕ ግዜ ዝኸይድ ምብኳር/ ሕድገት ምስታፍ ትምህርቲ እንተኮይኑ ግን ፍሉይ ፍቓድ ካብ Departement BKS /ክፍሊ ትምህርታዊ ስልጠና: ባህሊን ስፖርትን/ የድሊ:

ኣብ ቀዳማይ ዓመት ናይ መዋእለ ሕጻናት: ወለዲ ንውሉዶም ብፍሉይ ፍቓድ ካብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ቤት ትምህርቲ: ሓደ ፍርቒ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ብፍቓድ ክብኩርዎም ይከኣል:

## መዓልታት ዕረፍቲ

መዓልታት ዕረፍቲ ናይ ቤት ትምህርቲ: ካብ ምምሕዳር ከባቢ ናብ ከባቢ ይፈላለ: ቅድመ ሓበሬታ ናይዚ ግዜ መዓታት ዕረፍቲ ካብ ምምሕዳር ከባቢ ክርከብ ይከኣል: ብተወሳኺ መዓልታት ዕርፍቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ካብዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ክርከብ ይከኣል:

Weitere Informationen: www.schulen-aargau.ch > Schulen

## ሓኪም ኣብ ቤት ትምህርቲ/ ሓኪም ስኒ ኣብ ቤት ትምህርቲ

ኣገልግሎት ሕክምና ቤት ትምህርቲ: ኩሉ ጥዕናዊ መዳያት ተመሃሮ ይከታተል: ንተማሃሮ ቀጻሊ ጥዕናዊ መርመራ የካይድ: እዚ ቀጻሊ ጥዕናዊ መርመራ: ጥዕናዊ ምዝንባል: ከም ናይ ምስማዕ: ምርኣይ ወይ ናይ ምዝራብ ጸገማት ወይ ዘይንቡር ባህርያትን ምንቅስቓስትን ኣካላት ኣብ ቆልዑት ምስዝርአ ብእጋ ንምፍዋሱን ምእላዩን ይሕግዝ: በዚ መዳይ ሓደ ጉድለት ጥዕና ኣብ ቆልዑት ምስዝርኣይ ወይ ምስዝርከብ: እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ሓኪም ምስ ወለዲ ይዘራረብ: ንቀጻሊ መስርሕ ስጉምቲ ምፍዋሱ ከኣ ይመያየጥ:

ካብ ቀዳማይ ዓመት መዋእለ ሕጻናት ክሳብ 3ይ ክፍሊ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ: ተመሃሮ ሓደ ናይ ሕክምና ካርድ/ፋይል ከምኡውን ሓደ ናይ ስኒ ሕክምና ትኬትን ንነብሲ ወከፍ ዓመት ብነጻ ይወሃቦም: ኣብ ዝመረጽዎ ሓኪም ስኒ ከኣ በዚ ነጻ ትኬት: ኩነታት ጥዕና ኣስናኖም ኩሉ ግዜ ሓንሳብ ኣብ ዓመት ክምርመሩ ይኽእሉ:

ተወሳኺ ሓበሬታን መወከሲን ምስእትደልዩ:

ዝኾነ ሓበሬታ ወይ ሕቶታት ምስዝህልወኩም: ብቐጥታ ንመምህራን ናይ ደቅኹም ተወከሱ:

ሓበሬታ ንዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ደረጃታት ወይ ሓፈሻዊ ንትምህርቲ ዝምልከት ምስእትደልዩ: ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ተወከሱ:
www.ag.ch/bks

ብተወሳኺ: ንመዋእለ ሕጻናት: መባእታ ደረጃ ትምህርቲ: ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽቡ ትኽእሉ:

Departement Bildung, Kultur und Sport
ኢመይል: volksschule@ag.ch, ቴለፎን: 062 835 21 00



# ሓባራዊ ስራሕ/ምትሕብባር ቤት ትምህርትን ወለዲን

## ግቡኣት ወይ ግዴታታት ቤት ትምህርቲ

ብመሰረት ሕግታት ቤት ትምህርቲ: ቆልዑት ምሉእ ብቕዓትን ፍልጠትን ሒዞም ንክዓብዩ: ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ግዴታታቱ ክማልእ ይግባእ:

እዚ ግዴታታት እዚ:

- ቆልዑትን መንእሰያትን ኣብ ዓውደ ትምህርቲ ከይተዓንቀፉ ንቑሓት ኮይኖም ክዓብዩ:
- ጥዕና ቆልዑት: ንምድላብ ትምህርቲን ፍልጠታዊ ንጥፈታትን ሓደ ኣገዳሲ ቅድመ ኩነት ስለዝኾነ ብዝግባእ ክማላእ ዝብሉ የጠቓልል:

ብተወሳኺ: ቤት ትምህርቲ: ወለዲ ብዛዕባ ደቐም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘጋጥሞም ነገራት: ንጥፈታት ትምህርታዊ ዕብየትን ብቀጻሊ ክሕብርዎም ይግባእ: ኣብዚ መዳይ ምስ ወለዲ ምዝርራብ: ወለዲ ንሓድሕዶምን ምስ መምህራንን ዝራኽብሉ ዝዛተይሉን ናይ ወለዲ ምሸት ምድላው: ምክያድ መዓልቲ ምዝርጋሕ ሓበሬታ ዝኣመሰሉ መደባት ክዳሉ ይግባእ: እኹል ሓበሬታ ብዛዕባ ትምህርታዊ ንጥፈታት ውላድኩም ምስ ዘይህልወኩም: ንመምህራን: ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ክትሕቱ ትኽእሉ:

## መሰልን ግዴታን/ ግቡኣትን ወለዲ

ከም ወለዲ መጠን: ንስኻትኩም: ደቕኹም ብቐጻሊን ስሩዕን ኣገባብ: ብዘይ ምብኳር ናብ ቤት ትምህርቲ ከኸዱን ብዝግባእ ትምህርቲ ክከታተሉን ሓላፍነት ትስከሙ: ብተወሳኺ ደቕኹም ብዝግባእ ዕዮ ገዛ ክሰርሑን: ብዘይ ገለ ምስንኻል: ብርግኣት ናብ ቤት ትምህርቲ ክመላለሱን: ዝለዓለ ሓላፍነት ትስከሙ: ኣብ ትምህርታዊ ስርሓት ደቕኹም: ብስሩዕን ብዘይ ምቁራጽን ክትከታተልዎም: ኣብ ፍልጠታዊ ዕብየቶም ከምእትገደስሎም ከተርእይዎምን: ክትምዕድዎምን ክትሕግዝዎምን ይግባእ:

ወለዲ ካብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትምህርቲ: ካብ መምህራን: ካብ ሓለፍቲ ትምህርቲ ምምሕዳር ከባቢኦም ዝመጽኦም: ዕድመ መዓልቲ ወለዲ: ዕድመ ምዝርራብ ወለዲ ብዝግባእ ክከታተሉን ክሳተፉን ይግባእ:

ዝኾነ ኣገዳሲ ውሳኔ ብዛዕባ ዕድል መጻኢ ናይ ውሉድኩም ቅድሚ ምውሳኑ: ጽፉፍ መጽናዕቲ ንክግበር: ናይ ጥርዓን ወይ እግባይ ናይ ምባል መሰል ኣለኩም: እቲ ናይ መጨረሽታ ውሳኔ ብሓለፍቲ: ብኮሚቴ ቦርድ ናይ ቤት ትምህርቲን ብጽሑፍ ክቐርብ ኣለዎ: በዚ ናይ መጨረሽታ ውሳኔ ምስዘይትሰማምዑ: ኣብ መብዛሕትኡ ጉዳያት: ናብ ናይ ወረዳ ሓለፍቲ ትምህርቲ/Bezirksschulrat/: ጥርዓን ክተቕርቡ መሰል ኣለኩም: ከም ኣብነት እዚ ኣገዳሲ ውሳኔታት ናይ ይግባይ ወይ መሰል ጥርዓን ዝግበረሎም ጉዳያት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

- ምጅማር/ምእታው መዋእለ ሕጻናት
- ምጅማር/ምእታው 1ይ ክፍሊ ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ
- ምስዳድ/ምልኣኽ ናብ ናይ ተሓድሶ ትምህርቲ: ናብ መሳላዩ ትምህርቲን ናብ ናይ ንእሽቶይ ክፍሊ ምልኣኽ ስጉምቲ
- ምስግጋር/ምዝላል ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ
- ምሕላፍ: ምቕያር ዓይነት ትምህርቲኣብ ውሽጢ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ
- ምምሕልላፍ ናብ ፍሉይ ትምህርቲ ዝኣመሰሉን የጠቓልል።

## ወለዲ: ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕቶታት ምስዝህልዎም ወይ ሽግር ምስዘጋጥሞም ንመን ክሓቱ / ክውከሱ ይኽእሉ፥

1. ንመምህር ናይ ውሉድኩም ሕተቱ
2. ምስ ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ክዘራረቡ ይኽእሉ
3. ንወሃብቲ ኣገልግሎት/ ኮሚቴ ናይ ቤት ትምህርቲ ክውከሱ ይኽእሉ።

ጠለብኩም ወይ ሕቶኹም ካብ ቤት ትምህርቲ ብዝግባእ ዘይተመለሰ: ወይ ተገዳስነት/ኣቓልቦ ዘይረኸበ ኮይኑ ምስ ዝስመዓኩም: ወይ ምስዝመስለኩም: ከም ራብዓይ ደረጃ ስጉምቲ: ናብ ክፍሊ ምቁጽጻር ቤት ትምህርቲ Sektion Schulaufsicht ትወከሱ።

ኣድራሻ ናይ ክፍሊ ምቁጽጻር ቤት ትምህርቲ Sektion Schulaufsicht, ቴለፎን : 062 835 21 05, ኢመይል፥ sa.volksschule@ag.ch, www.ag.ch/schulaufsicht

ኣገልግሎት ምኽርን ሓበሬታን ንዝተፈላለይ ሕቶታት : ኣብ ኣብ ቀንዲ ወሃቢ ምኽሪ ምኻድ።

# መዋእለ ሕጻናት (Kindergarten) (2 ዓመት)

## ምጅማር መዋእለ ሕጻናት

ኩሎም ሕጻናት ዕድሜኦም ምስመልኡ: ናብ መዋእለ ሕጻናት ክኸዱ ግዴታ ኢዩ:

ክሳብ 31 ሓምለ[1] ኣብ ዘሎ ግዜ ኣርባዕተ ዓመት ዝመልኡ ሕጻናት: ኣብ ዝቕጽል ናይ ትህርቲ ዓመት: ማለት ኣብ ወርሒ ነሃሰ መዋእለ ሕጻናት ይጅምሩ:

## ዓውድታት/መዳያት ትምህርቲ

ቆልዑት ናብ መዋእለ ሕጻናት ንክኸዱ: ሓፈሻዊ ዕብየት ምዕባለ ህይወቶም ብዝግባእ ከማልኡ ይጥለብ። ኣብ መዋእለሕጻናት: ቆልዑት ሓደ ሓድሽ ከባቢ: ንድልየታቶም: ተውህቦኦምን ዝምባሌኦምን ብቀጻሊ ንክዓቢዕድል ወይ ትኽእሎ ይህቦምን ይፈጥረሎምን።እቲ ትምህርቲ ብጸወታ መልክዕ ኮይኑ፥ናይ ቛንቛ: ሕሳብ: ኢደ ጥበብ: ማሕበራዊ ሂወትን ከምኡውን ስምዒታዊ ንጥፈታት ሞያን ክእለትን ናይ ትምህርቲ ሰረት ንክንጽፉ ይሕግዝ።

ናይ ምንባብ: ምጽሓፍ ከምኡውን ናይ ቁጽሪ ሕሳብ ናይ ምግባር ድልየት ወይ ዝምባለ ዘለዎም ቆልዑት፥ ምትብባዕ ወይ ሓገዝ ክግበረሎም ይግባእ። ኣብዚ ብፍሉይ ሜላ ንምጽሓፍ: ምንባብ ወይ ሕሳብ ናይ ቁጽሪ ንምግባር ዝወሃቦም ትምህርቲ ግን የልቦን: ፍሉይ ተውህቦ ኣብ ሓደ ካብዞም ዝተጥቐሱ መዳያት ትምህርቲ ንዘለዎም ቆልዑት ግን ናብ መባእታ ደረጃ ትምህርቲክሰጋገሩ/ክናጥሩ ይኽእሉ።

ኣብ ገዝኦም ቛንቛ ጀርመን ንዘይዛረቡ ቆልዑት፥ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ቛንቛ ጀርመን ንክጽንዑ ሓገዝ ይግበረሎም።

ኣብ ደረጃ ናይ ሂወት ዕብየቶም ጸገም/ጉድለታት ንዘለዎም ቆልዑት፥ ኣብ ሓደ ክፋል መዋእለ ሕጻናት ናይ ምምሕያሽ ዕብየትን ምሕዋይ ደረጃ ዕብየት ሂወትን ብፍሉይ ክእለት ዘለዎ መምህር ማዕረ ዕድሜኦም ንክዓብዩ ፍሉይ ሓገዝ ይግበረሎም።

[1] እዚ ካብ ዕለት 31 ሓምለ 2018 ዘሎ ግዜ ኣብ ተግባር ይውዕል። ክሳብ እዚ ግዜ ዚ ዝኣክል ግን እቲ ውሳኔ ብምምሕዳር ከባቢ፥ ከክም ናይ ትምህርቲ ዕለታት: በብደረጃኡ ከምቲ ክሳብ ሕጂ ዝስርሓሉ ዘሎ ናይ 30 ሚያዝያ ምስ ናይ 31 ሓምለ ከምዝሳነ ኮይኑ ይኸይድ።

# ቤት ትምህርቲ መባእታ ደረጃ (Primarschule) (1ይ ክሳብ 6ይ ክፍሊ)

## መባእታ ደረጃ ትምህርቲ/ ሕጋዊ ትምህርቲ

መባእታ ደረጃ ትምህርቲ ካብ 1ይ ክሳብ 6ይ ክፍሊ የጠቓልል።

ኣብተን ቀዳሞት ዓመታት ትምህርቲ: ቆልዑት ብፍላይ ናይ ምንባብ: ምጽሓፍን ምዝራብን: ከምኡውን ናይ ቁጽሪ ሕሳብ ምግባርን ትምህርቲ ይወሃቡ። ኣብዚ ኣብ ክፍሊ ናይ ትምህርቲ: ቆልዑት: ትርጉም ሓባራዊ ስራሕ ይፈልጡን ይመሃሩን፥ ከምኡ ውን ሰብኣዊ ባህርያቶም ከምዝበስልን ከምዝሕይልን ይግበር።ብዝተፈላለዩ ዓይነት ዓውደ ትምህርቲ፥ ከም ሙዚቃ: ስነ ስእሊ: ስርሓት ቅዲ ክዳን: ብምንቅስቓስ ኣካላትን ስፖርቲ: ኢደ ጥበባዊ ስርሓት: ዝተፈላለዩ ስነ ፍልጠታዊ ዛዕባታት በብዕድሜኦም እናተዋህቦም ይኹስኮሱን ይስልጥኑን።

ኣብ ግዜ ትምህርቲ: ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ድልየታትን ቆልዑት: ብልዑል ጠመተ ምክትታል ይግበረሎም። እቲ ኣገዳሲ ዕላማናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ: ቆልዑት ርእሶም ክኽእሉን ሓላፍነት ከምዝስከሙን ምግባር ኢዩ።

## Einschulungsklasse / መሳለዪ ትምህርቲ

ቀዳማይ ክፍሊ ክሓልፉ ዝኽብዶም ወይ ጸገም ዘለዎም: እሞ ነዚ ደረጃ ብዝግባእ ዘይበሰሉ ቆልዑት: ብ ሓደ ቀስ ኢሉ ዝኸይድ ናይ መሳለዪ ትምህርቲ ክኸዱ ይኽእሉ። ኣብዚ: እቲ ትሕዝቶ ናይ 1ይ ክፍሊ ትምህርቲ: ኣብ ክልተ ተመቒሉ: ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ይወሃቦም። እዚ ቀስ ኢሉ ዝኸይድ ትምህርቲ ኣብ ክልተ ዓመት ምስ ወድኡ: ናብቲ ስሩዕ መደብ ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ: ኣብ 2ይ ክፍሊ ይኸዱ/ይኣትዉ።

## Integrierte Heilpädagogik / Kleinklasse ውሁድ መሕወዪ ስነ-ትምህርታዊ ኣገባብ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ

ኣብ መብዛሕትኡ ቤት ትምህርትታት: ሓደ ሜላ ምሕወዪን መወሃሃዲን ናይ ትምህርቲ ክፋል ኣሎ። እዚ ንቁልጡፍ ናይ ምርዳእን ምጽናዕን ድኽመታት ዘለዎም: ወይ ዛሕሊ ንዘለዎም ቆልዑት፥ ብሓደ ፍሉይ ሞያ ናይ ስነ ምምህርና ዘለዎ መምህር ሓገዝ ይግበረሎም። ኣገዳሲ ምስጠኸውን ከኣ ነቶም ከምዚ ጸገም ዘለዎም ቆልዑት ብውልቂ: ብፍሉይ ጠለብ ናይ መምሃሪ መደብ ተሰሪዑሎም: ከምዝሕገዙ ይግበር።

ኣብ ገለ ዝተወሰና ቤት ትምህርትታት ከኣ: ንናይ ቀልጢፍካ ምርዳእ ጸገም ዘለዎም ቆልዑት: ኣብ ንኣሽቱ ክፍልታት ፈሊኻ: ብሓደ ፍሉይ ሞያ ናይ ስነ ምምህርና ዘለዎ መምህር ሓገዝ ይግበረሎም። ኣብዚ ብዝሒ ተመሃሮ: ካብቲ ናይ ስሩዕ/ሕጋዊ ክፍሊ ዝወሓደ ኢዩ።ዕላማታት ትምህርቲ ግን ናብ ናይቲ ስሩዕ ትምህርቲ ዝቐንዐ ኢዩ።

# (Oberstufe I) /   ካልኣይ ደረጃ (7ይ ክሳብ 9ይ ክፍሊ)

ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ፥ ስሩዕ/ሓቀኛ ትምህርቲ: ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲን ናይ ወረዳ ትምህርቲን/ Realschule, Sekundarschule und Bezirksschule/ ተባሂሉ: ኣብ ሰለስተ ዓይነት ትምህርቲ ይምቀል። እዚኦም ከከም ብቕዓትን ጠለባትን ንጥፈታት ተማሃሮ ይፈላለዩ። ብምልኦም ሰልስቲኦም ዓይነታት ነብሲወከፎም ሰለስተ ዓመት ይወስዱ።

## ምስግጋርካብ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ: ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ/ ምቕያር ናብ ካልእ ዓይነት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ

ምስግጋር/ምልኣኽ ተመሃራይ: ናብ ሓደ ካብዞም ሰለስተ ዓይነታት ትምህርቲ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ: ብጠለብን ትእዛዝን መህራንናይ 6ይ ክፍሊን: ምስ ወለዲ ተመሃራይ ብምዝርራብን ይትግበር። ኣብዚ እቶም ወለዲ ምስቲ ውሳኔ ምስዘይሰማምዑ: እቶም ኣገልገልቲ/ኮሚቴ ቤት ትምህርቲ ይውስኑ።

ንጡፋት: ህርኩታትን ልዑል ድልየት ዘለዎም ተመሃሮ፥ ጸኒሖም ኣብ ካልእ ዓይነት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ክሰጋገሩ ይኽእሉ። እዚ ዓይነት ትምህርቲ ናይ ምቕያርመሰል: ከም ሕጊ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ዓመተ ትምህርቲ ይትግበር።



## ሓቐኛ/ ስሩዕ ትምህርቲ

እዚ ሓቐኛ/ ስሩዕ ትምህርቲ: እቲ ዝተሓተ ብቕዓትን ንጥፈታትን ዝጠልብ ዓይነት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኢዩ። ኣብዚ ሓቐኛ/ ስሩዕ ትምህርቲ: ተመሃሮ ንሞያዊ ትምህርቲ ሰረት ዝኾኖም: ስፍሕ ዝበለ ሓፈሻዊን መሰረታዊን ጠለብ ንጥፈታትን ብቕዓትን ይቕስሙ/ይመሃሩ። ድሕሪዚ ሓቐኛ/ ስሩዕ ትምህርቲ: መብዛሕትኦም መንእሰያት ተመሃሮ: ኣብ ኢደ ስርሕትን መስርሕ ሰንዓ/ ፋብሪካ ዝምልከት ሞያዊ ትምህርቲ የጽንዑ/ ይመሃሩ።

ኣብ ሞያዊ ስልጠና/ትምህርቲ: ዝበለጸን ጽቡቕን ንጥፈታት ንዘመዝገቡ መንእሰያት ተመሃሮ: ኣዝዩ ናብ ዝለዓለ ሞያዊ ስልጠናን ጽቡቕ ዕድል ሞያዊ ዕብየትን ከምዝረኽቡ ይግበር።

## ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ: ማእከላይ ደረጃ ብቕዓትን ንጥፈታትን ዝጠልብ ዓይነት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኢዩ። እዚ ዓይነት ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲዚ: ከም ቅድመ ኩነት: ንዝበለጸ ሞያዊ ትምህርቲ: ልዑል ተደላይነት ዘለዎም ረቛሒታት: ንምምላእ: ስፍሕ ዝበለ ሓፈሻዊ ትምህርቲን ስልጠናን ይህብ/የስንቕ። ናብ ማእከላይ ደረጃ ሞያዊ ትምህርቲ: ናይ ቁጥባ: ወይ ናይ ኢንፎርማቲክ/ስነ-ሓበሬታ die Fachmittelschule, die Wirtschaftsmittelschule oder die Informatikmittelschule.ኣዝዮም ውሑዳት ተመሃሮ ይሰጋገሩ።

ሓበረታ ብዛዕባ መቐበሊ ረቛሒታት ናብ ማእከላይ ሞያዊ ደረጃ ትምህርቲ(Fachmittelschule) ፡ ትምህርቲ ቁጠባ (Wirtschaftsmittelschule) ወይ ናብ ትምህርቲ ስነ ሓበሬታ ኣብ Mittelschule (Sekundarstufe II) ተመልከቱ።

## ናይ ወረዳ ደረጃ ትምህርቲ

እዚ ናይ ወረዳ ትምህርቲ እቲ ዝለዓለ ጠለብ ንጥፈታት ዘለዎ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኢዩ። እዚ ደረጃ ትምህርቲ ንዝለዓለ ጠለብ ዘድልዮ ናይ ማእከላይ ደረጃ ሞያዊ ስልጠና ከም ጂምናዝዩም/ቅድመ-ዩኒቨርሲቲ/: ማእከላይ ደረጃ ክኢላዊ ሞያ ናይ ትምህርቲ: ናይ ቁጥባ: ወይ ናይ ኢንፎርማቲክ/ስነ-ሓበሬታ ዝምልከት ትምህርቲ ንምውሳድ: ተመሃሮ ንክዳለዉን ክቕረቡን ይገብር።

ሓበሬታ መእተዊ ረቓሒታት ናብ ጂምናዚዩም(ቅድመ-ዩኒቨርሲቲ) ናብ ማእከላይ ደረጃ ሞያዊ ትምህርቲ: ናይ ቁጥባ: ወይ ናይ ኢንፎርማቲክ/ስነ-ሓበሬታ ኣብ ኣርእስቲ Mittelschule (Sekundarstufe II) ተመልከቱ።

# (Integrierte Heilpädagogik / Kleinklasse) ውሁድ መሕወዪ ስነ-ትምህርታዊ

## ኣገባብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ

ኣብ መብዛሕትኡ ቤት ትምህርትታት: ሓደ ሜላ መሕወዪን መወሃሃዲን ናይ ትምህርቲ ክፋል ኣሎ። እዚ ማለት ንቁልጡፍ ናይ ምርዳእን ምጽናዕን ድኽመታት ዘለዎም: ወይ ዛሕሊ ንዘለዎም: እሞ ኣብ ስሩዕ/ሓቐኛ ትምህርቲ ዝኸዱ ቆልዑት መንእሰያት፥ ብሓደ ፍሉይ ናይ ስነ ምምህርና ሞያ ዘለዎ መምህር: ሓገዝ ይግበረሎም። ኣገዳሲ ምስዝኸውን ከኣ ነቶም ከምዚ ጸገም ዘለዎም ቆልዑት ብውልቂ: ብፍሉይ ጠለብ ናይ መምሃሪ መደብ ተሰሪዑሎም: ከምዝሕገዙ ይግበር።

ኣብ ሓደሓደ ውሑዳት ቤት ትምህታት: ንኣሽቱ ክፍልታት ዝበሃሉ ንጠለባት ቁልጡፍ ናይ ምርዳእ ጸገም ወይ ዛሕሊ ንዘለዎም ቆልዑት መንእሰያት: ዘማልኡ ኣለዉ። ኣብዚ ቁጽሪ ተመሃሮ ካብ ናይቲ ስሩዕ/ሓቐኛ ትምህርቲ ይውሕድ። ኣብዚ እቶም ተመሃሮ ምስ ኩነታቶም ዝሰማማዕ ጽቡቕ ሓፈሻዊ ስልጠናን ንሓደ ሞያዊ ንጥፈት ምስ ክእለቶም ዝሰማማዕ: ከምዝዳለዉ ይግበር።

# ፍሉይ ክፍልታት ትምህርቲ ኣብ መወዳእታ ዓመት ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

### ዓመት ሞያዊ ምርጫ/Berufswahljahr BWJ/

ተመሃሮ እብዚ ዓመትዚ: ሞያ ዝመርጽሉ: ናይ መጨረሽታ ዓመት ንሞያን ሞያዊ ትምህርቲን ስለዝኾነ: ካብ ወለዲን ማምህራንን ጽዑቕ ዝኾነ ሓገዝን ምኽሪን የድልዮም። ኣብዚ ግዜዚ ኩሉ እቲ 3 ዓይነት ትምህርቲታት ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ: ንምርጫ መጻኢ ዕድል ተመሃሮ ክፉት ኢዩ።

### ዓመት ልምምድ ስራሕ /Werkjahr WJ/

እዚ ተግባራዊ ናይ ስራሕ ልምምድ ዝግበረሉ ዓመት: ንፍሉይ ኢደ ስራሓዊ ክእለትን ተውህቦን ንዘለዎም ደቒ ተባዕትዮን ደቒ ኣንስትዮን: ካብ ንኣሽቱ ክፍልታት ወይ ካብ ስሩዕ/ሓቐኛ ትምህርቲ ዝመጽኡ ተመመሃሮ ይወስድ። ኣብዚ እቶም ተማሃህሮ ንዕኡም ዝሰማማዕ ሞያዊ ስልጠና ወይ ሞያዊ ንጥፈት ንክረኽቡ ሓገዝ ይግበረሎም።

### ውህደትን ሞያን እትረኽበሉ ክፍሊ ትምህርቲ/Integrations- und Berufsfindungsklasse IBK/

እዚ ውህደት ምስት እትነብረሉ ሕብረተሰብን ሞያን እትረኽበሉ ክፍሊ: ንብስደት ዝመጽኡ ቆልዑት መንእሰያት ዝቐነዐ ትምህርቲ ኮይኑ: ኣብ ስዊዘርላንድ እንተበዝሐክልተ ዓመት ንዝጸንሑ ዝወሃብ ኢዩ። ዕላማ ናይዚ ውህደትን ሞያን እትረኽበሉ ትምህርቲ: ነዞም ስደተኛታት ቆልዑት: ኣብ ሕብረተሰብ ንምውህሃድን ንዕኡም ዝሰማማዕ ሞያ ንምርካብ ኣብ ዝገብርዎ ጻዕሪ ንምቅላል ዝሕግዝ ኢዩ። ተመሃሮ ኣብዚ ውህደትን ሞያን እትረኽበሉ ክፍሊ/ Integrations- und Berufsfindungsklasse IBK /: ናይ ቋንቋ ጀርመን ፍልጠቶምን ክእለቶምንዘማዕብል: ሓፈሻዊ ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነት ትምህርቲ ስልጠናን: ብዕምቈት ይመሃሩን ይፈልጡን። ኣብዚ እቶም ተመሃሮ: ብጽዑቕ ብዛዕባ ምምራጽ ሞያን ምንጪ መንበሪ ሂወቶም ዝኾነ ስራሕን ንምፍላጥ ከምዝዳለዉ ይገብር።



# ተወሳኺ ናይ ትምህርቲ ጠለብ ወይ ደገፍ ስጉምትታት

## ቀረባት ትምህርቲ ንቀዳማይ ቋንቋኦም ጀርመን ዘይኮነ ቆልዑት

**ትምህርቲ ቛንቛ ጀርመን ከም ካልኣይ ቛንቛ/Deutsch als Zweitsprache DaZ /(ኣብ መዋእለ ሕጻናት:መባእታ ደረጃ ትምህርቲ: ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲን)**

ጀርመን ናይ መጀርታ ቛንቛኦም ንዘይኮኑ ቆልዑት: ኣብ መዓልታዊ ናይ ትምህርቲ ግዜኦም ምስ ካልኦት ተዛረብቲ'ዚ ቛንቛ ጀርመን ዝኾኑ ቆልዑትን ምስ መምህራኖም ካብ መዋእለ ሕጻናት ኣትሒዞም ብዝገብርዎ ምዝርራብን ነዚ ቛንቛ ጀርመን ብቐሊሉ ክመሃርዎ ይኽእሉ። ኣብ ሓደ ክፍሊ ብዙሓት ተዛረብቲ ካልእ ቛንቛ ምስዝህልዉ: ብተወሳኺ ዚ ቛንቛ ጀርመን: ከም ካልኣይ ቛንቛ: ብፍሉይ ኣገባብ ኣብ ፍሉይ ክፍሊ ክወሃብ ይከኣል።

ኣብ መበል ካልኣይ ዓመት ናይ መዋእለ ሕጻናት ዕድሜኦም ናብ ስዊስ ንዝመጽኡ ሕጻናት: ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ: ቛንቛ ጀርመን ብጽዑቕ ከም ዝመሃሩ ይግበር።

ተዛረብቲ ካልእ ቛንቛ ዝኾኑ ቆልዑት: ኣብ ናይ መባእታ ወይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዕድመኦም: ናብ ስዊስ ምስዝመጽኡ: ሓደ ዓመት ምሉእ ጽዑቕ ናይ ቛንቛ ጀርመን ስልጠና/ትምህርቲ ይወሃቦም። ምስ'ዚ ተተሓሒዙ: ኣብ መዋእለ ሕጻናት ወይ ኣብዚ ናይ ጽዑቕ ቛንቛ ጀርመን ትምህርቲ'ዚ: ተመሃሮ ኣብ ቀጻሊ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ዓመት እዚ ናይ ቛንቛ ምምሃር ደገፍ ይወሃቦም። እዚ ትምህርቲ/ስልጠና'ዚኣብ ኩሉ ደረጃታት ናይ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ይወሃብ።

ናይ ትውልዲ ዓዲ ቛንቛ መምሃሪ ወይ መሰልጠኒ ቤት ትምህርቲ: ብመንገዲ ኤምባሲ ወይ ቆንስላዊ ጉዳያት ወይ ከኣ ብመንገዲ ናይ ወለዲ ማሕበረሰብ ተወዲቡ ቆልዑት ናይ መበቆል ዓዶም ቛንቛን ባህልን ከምዝፈልጡ ይግበር። ቆልዑት ኣብ'ዚ ናይ መበቖል ዓዲ ቛንቛን ባህልን ክሳተፉን ክከታተሉን ብኩሉ ወገን ኣዝዩ ክድፋኣሉ ዘለዎ ጉዳይ'ዩ። በዚ ከኣ ቆልዑት: ናይ መበቖል ዓዶም ቛንቛ ከጽንዑ ይተባብዑን ደገፍ ይግበረሎምን። በዚ መሰረት ብዛዕባ መበቖል ዓዶም ዘለዎም ኣፍልጦ ከዕምቑዎ ይተባብዑን ፍናን ይረኽቡን።

ኣብዚ ናይ መበቖል ዓዲ ቛንቛን ባህልን ዝሳተፉ ቆልዑት: ብመንገዲ ወለዶም ክምዝገቡ ኣለዎም። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ: ብመንገዲ ማእከል ምትሕብባር/ስርርዕ ትምህርቲ ናይ ኤምባሲን ክፍሊ ቆንስላዊ ጉዳያትን ወይ ናይ ወለዲ ማሕበረሰብ ክርከብ ይከኣል።

ምንጪ ሓበሬታ: Sektion Entwicklung, Themenbereich Sprache und Migration, Tel. 062 835 21 18

ኣድራሻ ማእከል ምትሕብባር/ስርርዕ ትምህርቲ: www.ag.ch/bildung > Unterricht & Schulbetrieb > Schule & Interkulturelles


## ትምህርቲ ንምሕዋይ ምልከት ቛንቛ

ናይ ቛንቛን ምዝራብን ጸገም ዘለዎም ቆልዑት: መሕወዪ ናይ ቛንቛ ትምህርቲ ይወሃቦም/ይቐረበሎም። እዚ ስልጠና ንወልዲ ብነጻ ይወሃቦም።

ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ: ወለዲ ካብ ሓለፍቲ ትምህርቲ ወይ ኣብ www.ag.ch/bildung > Sonderpädagogik & Förderangebote > Logopädie & Legasthenietherapie ይርከብ።

# ሓፈሻዊ ቆላሕታ ኣብ ልዕሊ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ፡ ሞያዊ ስልጠና፡ ጂምናዝዩም (ቅድመ ዩኒቨርሲቲ)፡ ኪኢላዊ ዓቕሚ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ፡ ናይ ስነ-ቁጠባን ስነ-ሓበሬታን ትምህርቲ የጠቓልል። እዚ ዝስዕብ ስእላዊ ሓበሬታ፡ ሓፈሻዊ ቅርጺን ኣቓውማን ናይ ካንቶን ኣርጋው ካልኣይ ደረጃ ህዝባዊ ትምህርቲ ይገልጽ። እዚ ስእላዊ መግለጺ፡ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ይንበብ።



# ግዚያዊመሰጋገሪ ፍታሕ ድሕሪ ህዝባዊ ትምህርቲ

መብዛሕትኦም መንእሰያት ተመሃሮ ቆልዑት: ድሕሪ ቲ ግዝያዊ መሰረታዊ ናይ 11 ዓመት ናይ ትምህርቲ ግዜ ሞያዊ ስልጠና ይጅምሩ ወይ ከኣ ናብ ቀጻሊ ትምህርቲ ይኸዱ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ቆልዑት ናብ ናይ ሞያ ዓለም ንኽሰጋገሩ ተወሳኺ ሓገዛት የድልዮም። ነዚ ዝምልከት ግዚያዊ ፍታሕ ኣሎ። እዚ ፍታሕዚ መሰጋገሪ ናይ ካንቶን ትምህርቲ ንሞያዊ ስልጠና (KSB) ወይ ሓደ መተባብዒ (መህቀኒ) ፍርቂ ዓመት ናይ ዞባዊ ናይ ስራሕመከፋፈሊ(RAV) ትካል እዩ።

## ናይ ካንቶን መሰጋገሪ ድልድል ትምህርቲ ንሞያዊ ስልጠና

ክመሃሩን ሞያዊ ንጥፈታቶም ብቐጻሊ ከማዕብሉ ዝደልዩ ቆልዑት ተመሃሮ: ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስ ኣጠናንቐቑ: ብምቕጻል ናብ ቀጻሊ ጽዑቕ ሞያዊ ስልጠና ክዳለዉ ዝደልዩ: ናብ ናይ ካንቶን ዝዞብ መሰጋገሪ ድልድል ሓፈሻዊ ና ሞያ ስልጠና (KSB) ክኸዱ ይኽእሉ። እዚ ብሕጊ ንሓደ ዓመት ዝኸይድ ናይ ትምህርቲ ግዜ: ነብሲ ወከፍ ሓፈሻዊ ዓመተ ትምህርቲ ብዕምቈት ንምፍላጥን: ንሰብኣዊ ምዕባለን ጠመተን ዝኣመተ ሓደ ንጹር ሞያዊ ፍልጠት: ንቀጻሊ ናይ ሂወት ሞያዊ ጉዕዞ ንምጭባጥን: ኣብ ባህላዊን ማሕበረሰብኣዊን ምውህሃድ ዘተኮረ እዩ። ኣብዚ እቶም ተመሃሮ ሓደ ንጹር ንዕኦም ዝሰማማዕ ናይ ስልጠና ቦታ ንክረኽቡ ይሕግዝ።

## መተባብዒ ድልየት መንፈቕ ትምህርቲ

 እዚ ድልየት ተመሃሮ ንምትብባዕ ዝሃቀነ መንፈቕ ትምህርቲ: ንስራሕ ዘይብሎም መንእሰያት ተመሃሮ ሓደ ናይ ስልጠና ቦታ ወይ ኣብ ሞያኦም ዕብየት ንከርእዩ ይሕግዝ። እዚ ብመጀመርታ ኣብ ሞያዊ ኢወቶም ተመክሮ ንክድልቡ: ኣብ ሓደስቲ ፍጻሜታት ከኣ ብሓድሽ ተበግሶ ንክሰርሑን ክዓብዩንይሕግዝ።

ሓደ ናይ መተባብዒ ድልየት መንፈቕ ትምህርቲ: ኣብ ስልጠና: ግብራዊ ስራሕን: ምጽሓፍ ደብዳቤ ምድላይ ስራሕን ምምልካትን ዝምልከት ስልጠና የጠቓልል። ዞባዊ መከፍፈሊ ስራሕን ሓበሬታን (RAV) እቲ ነቶም መንእሰያት ዝሰማማዕ ስራሕ ይሕብርን ይውዝዕን። ነዚ ናይ መተባብዒ ድልየት መንፈቕ ትምህርቲ መብዛሕትኡ ግዜ ወከልቲ ማሕበራትን ትካላትን የካይድዎ።

## ምዝገባ

ነዚ ናይ ካንቶን መሰጋገሪ ድልድል ትምህርቲን ናይ መተባብዒ ድልየት መንፈቕ ትምህርቲን ንክትኣቱ ብመንገዲ ሓደ ናይ ሂወት ጉዕዞ ማእከል ወይ „ሓባሪ መንገዲ ሞያዊ ሂወት“ እቲ ሞያ ክርከብ ይከኣል። መንእሰያት ተመሃሮ: ብዘይ ቅድመ ኩነት ናብ ህዝባዊ ትምህርቲ ኣመልኪቶም በዚ ናይ ሞያ ጉዕዞ ወይ „ሓባሪ መንገዲ ሞያዊ ሂወት“ ንዕኦም ዝሰማማዕ ናይ ትምህርቲ ሞያዊ ስልጠና ቀረባት ክሕበሩ ይከኣል።

Departement Bildung, Kultur und Sport
Abteilung Berufsbildung und Mittelschule
Anlaufstelle Wegweiser
Kasinostrasse 29, Postfach 2254, 5001 Aarau
www.ag.ch/wegweiser
E-Mail: wegweiser@ag.ch, Tel. 062 835 41 40

# ሞያዊ ስልጠና (ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ)

## መባእታዊ ሞያዊ ስልጠና/Berufliche Grundbildung/

እዚ መሰረታዊ/መባእታዊ ሞያዊ ስልጠና: ኣብ ስዊዘርላንድ: እቲ ዝለዓለ ግምት/ትርጉም ዝወሃቦቀዳማይ ስልጠና ኢዩ።እዚ ንመንእሰያት ተመሃሮ: ናብ ሞያዊ ክእለትን: ናብ ናይ ስራሕ ዓለምን ንክኣትዉ፥ ሓደ መሰረታዊ ዝኾነ ጭቡጥ ሞያ ንክሕዙ ይሕብሮም። ኣብ ጎድኒ ጎድኒ'ዚ ተግባራዊ ስልጠና: ኣብ ሓደ ትካል: እቶም ተመሃሮ: ሓደ ወይ ክልተ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ናብ ናይ ሞያ ትምህርቲ ይኸዱ።እዚ ስልጠና'ዚ ከከም ዓነት ሞያኡ ካብ 2 ክሳብ 4 ዓመት ይወስድ/ይጸንሕ።

ሓደ ናይ 3 ዓመት ሞያዊ መባእታዊ ስልጠና: ንሓደ ነባሪ ተፈላጥነት ዘለዎ ናይ ተሳታፍነት ምስክር ወረቐት /eidgenössischen Fähigkeitszeugnis EFZ /ንምሓዝ/ምጭባጥ የኽእል።

ሓደ ናይ ክልተ ዓመት መባእታዊ ሞያዊ ስልጠና ከኣ: ንሓደ ነባሪ ተፈላጥነት ዘለዎ ሞያዊ ርውየት/ዕግበት ዘረጋግጽ /eidgenössischem Berufsattest EBA/ ወረቐት ንምሓዝ ይመርሕ።

ምዝዛም/ ምውዳእ ናይ'ዚ ሞያዊ ስልጠና: ጸኒሑ ንዝመጽእ ናይ ስራሕ ዕድል/ ዕዳጋ: ሓደ ኣገዳሲ ቅድመ-ኩነት/ ረቛሒን ቀጻልነት ስራሕ ዘውሕስን ኢዩ።

በዚ ብወግዒ ዝፍለጥ ምዝዛም ስልጠና'ዚ: ንዝለዓለ ስልጠና: ብመሰረት'ቲ ነባሪ ተፈላጥነት ዘለዎ ናይ ተሳታፍነት ምስክር ወረቐት: ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ሞያዊ ስልጠና መንገዲ ይኸፍት።

ንዝያዳ ሓበሬታ: www.ag.ch/berufsbildung



# ሞያዊ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ/ (Berufsmittelschule)

ብተፈጥሮ ተውህቦ ዘለዎም: ብንጥፈታቶም ፍረ-ጻማ ጻዕሮም ክርእዩ ዝደልዩ መንእሰያት: እሞ ሓደ ዓይነት ሞያዊ ስልጠና ዝዛዘሙ፥ ከም መመላእታ ሓደ ግዴታዊ ትምህርቲ ዝተኸታተሉ: ስልጠናኦም / Berufsmaturität /ብሞያዊ ብስለት/ብቕዓት መረጋገጺ ትምህርቲ ክዛዝሙ ይኽእሉ።

እዚ ናይ ሞያዊ ብቕዓት/ብስለት መረጋገጺ ዝኾነ ትምህርቲ ዝዛዘሙ: ሓደ ዕጽፊ ዝሚዛኑ ናይ ብስለት/ብቕዓት ክእለት ይቐስሙ።

እዚ ንተመሃሮ: በቲ ሓደ ወገን ናይ ዝተማህረ ሞያዊ ክእለት: በቲ ሓደ ወገን ከኣ: ምዝዛም ናይ ብስለት/ብቕዓት ሞያ: መእተዊ ወይ መሰጋገሪን ናብ ዝለዓለ ትምህርቲ ወይ ላዕለዋይ ክኢላዊ ዓውደ ትምህርቲ/ Fachhochschule/ ይኾኖም።

ተመሃሮ ካብ ወረዳ ትምህርትን ካብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትን ዝመጹ ብናይ ዝሓለፈ ናይ ትምህርቲ ዓመታት ገምጋም ነጥቢ ተራእዩ ናብ ናይ ማእከላይ ደረጃ ሞያዊ ትምህርቲ ብዘይ ፈተና ይኣትዉ። ከምኡውን መእተዊ ፈተና ዝወሰዱ ናብ ናይ ማእከላይ ደረጃ ሞያዊ ትምህርቲ ይኣትዉ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ መእተዊ ረቛሒታት ናብ ማእከላይ ሞያዊ ትምህርቲ: www.ag.ch/mitelschulen

ሓበሬታ: ብዛዕባ ሞያዊ ስልጠናን: ምኽርን ዝምልከት ካብ ናይ ሞያን- ናይ ትምህርታዊ ተመክሮን ጉዕዞ ሂወትን ቤት ምኽሪ: ከምኡ'ውን ካብ ማእከላት ናይ ሓበሬታ ትካላት ክርከብ ይከኣል።



# ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ (ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ)

ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ: ብቀጻሊ ዝወሃብ ትምህርቲ ኮይኑ: ምስተን 11 ግዴታዊ ናይ ትምህርቲ ዓመታት: ዝተኣሳሰር ኢዩ። እዚ ከከም ዓይነት ትምህርቲ: ብዝተፈላለዩ ናይ ብቕዓት/ብስለት ደረጃ: ናብ ዝለዓለ ክኢላዊ ትምህርቲ: ክኢላ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲን ናብ ዩኒቨርሲቲን ንክትሓልፍ የኽእል/ይሕግዝ።

## ናይ ክኢላዊ ማእከላይ ትምህርቲን ናይ ክኢላዊ ብስለት/ብቕዓትን Fachmittelschule FMS und Fachmaturität FM

እዚ ናይ ክእላ ማኣከላይ ትምህርቲ: ንብዙሕ ረጃሒታትን ቅድመ-ኩነትን ዝጠልብ ዓውደ ትምህርቲ ኮይኑ: ንፍሉጣት ሞያዊ ዓውደ ስልጠና የዳሉ/ይቕርብ።

ኣብ ካንቶን ኣርጋው: ከም ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ: ኢደ-ጥበብ: ስነ-ጥዕናን: ስነ-ማሕበራዊን ህዝባዊ ርክባትን ዝምልከቱ 4 ዓይነት ዓውደ ስልጠናታት ይወሃቡ። እዞም ክኢላዊ ማእከላይ ትምህርቲ'ዚኦም: ንሰለስተ ዓመት ዝወሃቡ ኮይኖም: ኣብ ምሉእ ስዊዘርላንድ: ተፈላጥነትን ተቐባልነትን ዘለዎ ናይ ክኢላ ምስክር ወረቐት ብምሓዝ ይዛዘሙ። እዚ: ኣብ መጨረሽታ: ናይ ብስለት/ብቕዓት ደረጃ ትምህርቲ ዛዚምካ: ናብ ናይ ልዑል ክኢላዊ ትምህርቲ ሞያ: መእተዊ ማዕጾ ይኸፍት።

## ናይ ስነ- ቁጠባ ማእከላይ ትምህርቲ Wirtschaftsmittelschule WMS

እዚ ናይ ስነ-ቁጠባ ትምህርቲ: ንናይ ንግዲ ዝምልከት ሞያ የዳሉ/ይቕርብ። ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ትምህርታዊ ስልጠናን ምስኡ ዝትኣሳሰር ናይ ሓደ ዓመት ናይ ተግባር ትምህርቲ ኣብ ሓደ ትካልን: እዚ ናይ ቁጠባ ትምህርታዊ ስልጠና: ሓደ ነባሪ ተፈላጥነት ዘለዎ ናይ ተግባር ትምህርቲ ተሳትፎን ምዝዛም ስልጠናን ዝገልጽ ምስክር ወረቐት/ Eidgenössisches Fähigkeitszeugnis EFZ Kaufmann/Kauffrau, kaufmännischen Berufsmaturität/ የውህብ። እዚ ናብ ግብራዊ ምምዕባል ንግዳዊ ሞያን: ብስለት/ብቕዓት ሞያን የረጋግጽ። እዚ ኩሉ ንጥፈታት ምዝዛም: ናብ ሓደ ዝለዓለ ክኢላዊ ሞያ ናይ ላዕለዋይ ትምህርትን: ናብ ሓደ መሰጋገሪ ድልድል ዓውደ ትምህርትን: ንምብጻሕ የኽእል።

## ናይ ስነ-ሓበሬታ ማእከላይ ትምህርቲ /Informatikmittelschule IMS/

እዚ ናይ ስነ-ሓበሬታ ማእከላይ ትምህርቲ: ንሓፈሻዊ ስልጠና: ስነ-ሓበሬታዊ ስልጠናን: ስነ-ንግዳዊ ስልጠናን ይጥርንፍ። ድሕሪ ናይ ሰለስተ ዓመት ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርትን: ናይ ሓደ ዓመት ግብራዊ ትምህርት ኣብ ሓደ ተፈላጥነት ዘለዎ ትካልን: ሓደ ነባሪ ተፈላጥነት ዘለዎ ናይ ተሳታፍነት ምስክር ወረቐት ብስነ-ሓበሬታ/ Eidgenössisches Fähigkeitszeugnis EFZ Informatiker / Informatikerin/ የውህብ። እዚ ናብ ግብራዊ ዕብየት ኣፍልጦ ስነ-ንግዲ ዘረጋግጽ: ብስለት/ብቕዓት የምርሕ። እዚ ኩሉ ንጥፈታት ምዝዛም: ናብ ሓደ ዝለዓለ ክኢላዊ ሞያ ናይ ላዕለዋይ ትምህርትን: ናብ ናይ ትምህርቲ መሰጋገሪ ድልድልን ንክትሓልፍ የኽእል።

## መሕለፊ/መምዘኒ ነጥብታት ወይ ቅድመ-ኩነት ን (FMS/HMS/IMS)

ተመሃሮ ካብ ወረዳ ትምህርትን ካብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትን ዝመጹ ብናይ ዝሓለፈ ናይ ትምህርቲ ዓመታት ገምጋም ነጥቢ ተራእዩ ናብ ናይ ማእከላይ ሞያዊ ትምህርቲ ናይ ክኢላዊ ብስለት፣ ናይ ስነ-ቁጠባ ትምህርቲን ናብ ናይ ስነ-ሓበሬታ ማእከላይ ትምህርትን ብዘይ ፈተና ይኣትዉ። ከምኡውን መእተዊ ፈተና ዝወሰዱ ናብ ናይ ማእከላይ ሞያዊ ትምህርቲ ናይ ክኢላዊ ብስለት፣ ናይ ስነ-ቁጠባ ትምህርቲን ናብ ናይ ስነ-ሓበሬታ ማእከላይ ትምህርትን ይኣትዉ።

ተወሳኺ ሓበሬታ መእተዊ ረቓሒታት ናብ ኪኢላዊ ብስለት ትምህርቲ፡ ናይ ስነ ቁጠባ ትምህርቲን ናይ ስነ ሓበሬታ ማእከላይ ትምህርትን፥
www.ag.ch/mitelschulen

## Gymnasium ጂምናዚዩም(ቅድመ-ዩኒቨርሲቲ)

ብምኽንያት ገምጋም ማእከላይ ነጥቢ ናይ ዝሓለፉ ናይ ትምህርቲ ዓመታት ኣብ ናይ ወረዳ ትምህርቲ ናብ ጂምናዚዩም (ቅድመ-ዩኒቨርሲቲ) ብዘይ ፈተና ይሓልፉ። ተመሃሮ ብደረጃ ናይ ወረዳ ትምህርቲ ዝወድኡ ኣብታ ትቕጽል ዓመተ ትምህርቲ መእተዊ ፈተና ክገብሩ ተኽእሎታት ኣሎ።

## Passerelle /መሰጋገሪ

እዚ መሰጋገሪ: ነቶም ንናይ ሞያዊ ብቕዓት/ብስለት መርመራ ብጽቡቕ ዝዛዘሙ: ናብ ናይ ስዊዘርላንድ ዩኒቨርሲታትን ላዕለዋይ ትምህርቲታትን ንክኣትዉ ከም መመላእታን: መረጋገጺ መርመራ ንምግባር መንገዲ ይኸፍትን: ናብ ዩኒቨርሲቲ ንክትእቱ ተኽእሎ ይህብ። እዚ ናይ መመላእታ መርመራ ምሕላፍ ግን: ልክዕ ከም ናይ ሞያዊ ብቕዓት/ብስለት መርመራ ምሕላፍ ወይ ምዝዛም ማለት ኣይኮነን: ስለዘይኮነ ከኣ ናብ ናይ ካልኦት ሃገራት ዩኒቨርሲታት ንክትእትው: ዘድሊ ሓፈሻዊ ቅድመ-ኩነት ዘማልእ ኣይኮነን።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ መእተዊ ረቛሒታት ናብ ጅምናዚዩም፥ www.ag.ch/mitelschulen

## ናይ ሞያዊ ብቕዓት/ብስለት „Maturität“ መምዘኒ ቤት ትምህርቲ ንዓበይቲ: ኣብ ካንቶን ኣርጋው

እዚ ናይ ሞያዊ ብቕዓት/ብስለት „Maturität“ መምዘኒ ዓመተ-ትምህርቲ: ኣብ ናይ ካንቶን ኣርጋው ናይ ብቕዓት መምዘኒ ትምህርቲ ንዓበይቲ: ንሞያ ምሓዝ ዝመርሕ ናይ ስልጠና መንገዲ ኮይኑ: ንሓደ ነባሪ ተፈላጥነት ዘለዎ ብስለት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዘምርሕን ንሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ዝጸንሕ'ዩ። ናብዚ ንምእታው ዘድሊ ረቛሒታት/ቅድመ-ኩነት፥ ሞያዊ ትምህርቲ ምዝዛም: ወይ ንሰለስተ ዓመት ዝኸይድሞያዊ ስራሕ የድሊ። እቲ ዝተሓተ መእተዊ ዕድመ ናዚ ትምህርታዊ ስልጠና 20 ዓመት ኢዩ። እቲ ትምህርቲ ብሞያዊ ተግባር ስራሕ ዝተሰነየ ኮይኑ: ኣብ ሰሙን ክልተ መዓልቲ ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ይወሃብ።

Weitere Informationen: www.ame.ch



# ወሃብቲ ኣገልግሎት ምኽሪ ትምህርቲ

## ኣገልግሎት ትምህርታዊ ስነ- ልቦናዊ ምኽሪ

እዚ ኣቕርቦት/ሓገዝ ናይ ትምህርት ምኽሪ ስነ-ልቦና: ንቆልዑት መንእሰያት ተመሃሮን: ካብ መዋእ ሕጻናት ክሳብ መወዳእታ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዘለዉን: ናቶም ተጸዋዕቲ መዕበያ ዝኾኑ ሰባትን ዝቐንዐ ኢዩ።

ኣብዚ ኣገልግሎት ምኽሪ ትምህርታዊ ስነ-ልቦና ዝኾነ ትካል ንክትምዝገብ ድለ: ቀንዲ እዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ክኾኑ ይኽእሉ።

- ሓደ ተመሃራይ:  ኣብ ቤት ትምህርቲ ልዕሊ ዓቕሙ ክሰርሕ እንተተገዲዱ
- ሓደ ተመሃራይ: ስርሑ ወይ ንጥፈታቱ ናይ ምፍጻም/ምስርሕ ጸገም ምስዝህልዎ
- ሓደ ተመሃራይ: ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓደ ርእይ ጸገም ወይ ዝርብሽ ባህርያት ምስዝህልዎ
- ናይ ኣካል-ጉድለት/ስንክልና ዘለዎም ተመሃሮ ንፍሉይ ትምህርታዊ ሜላ ምጅማር እንተጋጢሙ ወይ ምስዝድለ
- ኣብ መንጎ ወለዲ: መምህራን: ተመሃራይ ግጭት ወይ ዘይምርድዳእ እንተጋጢሙ
- ወለዲ ብዛዕባ ዕብየት/ምዕባለ ሂወት ውሉዶም ሕቶ ምስዝህልዎም (ንኣብነት: ፍርሒ: ተጓዳኢ/ዓመጽ: ኣድህቦ ወይ ኣቓልቦ ዘይገብር ምስዝኽውን)
- ሓደ ተመሃራይ ሰላም ዝኸልእ ሓይሊ ዘለዎ ባህርያት ምስ ዘዘውትር

እዚ ኣገግሎት ምኽሪ ስነ-ልቦና ቤት ትምህርቲ: ንኩሎም ምኽሪ ዝደልዩ ብነጻ ብዘይ ክፍሊት ኢዩ ዝወሃብ።

ሕቶታት ወይ ጸገማት ምስዝህልወኩም: ዝምልከቶም ወለዲ ወይ ነቲ ተመሃራይ ከም መዕበይቲ ሓላፍነት ዝወሰዱ ሰባት: ከምኡ'ውን ልዕሊ 14 ዓመት ዝዕድሜኦም ቆልዑት ተመሃሮ ባዕሎም: ብቴለፎን ወይ ብመሐበሪ ቅጥዒ ብምምላእ: ብቐጥታ ኣብዚ   ወሃቢ ኣገግሎት ምኽሪ ስነ-ልቦና ቤት ትምህርቲ: ከመልከቱ ይከኣል።

መምህራን ወይ ሳልሳይ ኣካል ናይ ተመሃራይ ዝኾኑ ሰባት ግን: ካብ ወለዲ ተመሃራይ ናይ ውዕል ስምምዕ/ ትቓውሞ ወለዲ ከምዘየሎ ዘረጋግጽ/ ወረቐት ሒዞም ጥራይ ከመልከቱ ይከኣል።

ንዝያዳ ሓበሬታ: www.ag.ch/schulpsychologie
E-Mail: sp.volksschule@ag.ch

Regionalstellen des Schulpsychologischen Dienstes:
Aarau: E-Mail: spd.aarau@ag.ch, Tel. 062 835 40 00
Bad Zurzach: E-Mail: spd.zurzach@ag.ch, Tel. 062 835 41 00
Baden: E-Mail: spd.baden@ag.ch, Tel. 062 835 40 20
Rheinfelden: E-Mail: spd.rheinfelden@ag.ch, Tel. 062 835 40 40
Wohlen: E-Mail: spd.wohlen@ag.ch,Tel. 062 835 40 60
Zofingen: E-Mail: spd.zofingen@ag.ch, Tel. 062 835 40 90

## ኣገልግሎት ምኽሪ ስነ-ልቦና: ንቆልዑትን ትሕቲ-ዕድመ መንእሰያትን

እዚ ናይ ቆልዑትን ትሕቲ-ዕድመ መንእሰያትን ምኽሪ ስነ- ልቦና: ኣብ ትሕቲ ሓኪም ይሰርሕ።

እዚ ኣገልግሎትዚ: ንናይ ኣእምሮ ሕማም ዘለዎም ቆልዑ: ኣብ ናይ ቅድመ-ትምህርቲ: ኣብ ናይ ትምህርቲ: ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ድሕረ-ትምህርቲ ዕድሜኦም: ንዘለዎም ሰነ-ኣእምሮእዊ ሕማም ይምርምር: ይፍውስን: ምኽሪን ማምርሒን ይህብ። ኣብዚ ክፍሊዚ ኣገልግሎት ንምርካብ ምምዝጋብ: ብመንገዲ ወለዲ: ወይ ቆልዑት ባዕሎም: ወይውን ብመንገዲ ናይ ቆልዑትን ዓቕሚ-ኣዳም ዘበጽሑን ተጣበቕቲ/ተኸላከልቲ መሰላት ሰበ-ስልጣን ክግበር ይከኣል። ካልኦት ናይዚ ሞያ ክኢላታት ወይ ዝምልከቶም: ናብዚ ክፍሊ ንከመዝግቡ: ናይ ወለዲ ፍቓድ ወይ ምስማዕ የድልዮም።

ዞባዊ መመርመሪ ማእከላት ናይዚ ጉዳይ ዝምልከት ኣብ ኣራው: ባደን: ራይንፌልደንን ኣብ ዎለንን ይርከብ።

መወከሲ/መመዝገቢ:      ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ:

ሰዓት 8:00 – 12:00 ንጉሆ ን: 13:30 -17:30 ድሕሪ ቀትሪ; ሓደጋ/ህጹጽ:  2 ሰዕታትን 365 መዓልቲ

Kinder- und Jugendpsychiatrischer Dienst
Zentrales Ambulatorium für Kinder und Jugendliche ZAKJ
Postfach 432, 5201 Brugg
www.pdag.ch
E-Mail: kipd.zakj@pdag.ch, Tel. 056 462 21 20



## ask! – ኣገልግሎት ምኽሪ ንስልጠናን ሞያዊ ክእለትን ኣብ ካንቶን ኣርጋው

እዚ ናይ ኣርጋው ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት: Beratungsdienste Aargau (BDAG): ንሰባት ብ ሞያዊ ስልጥናን: ኣብ ሰንኣዊ ዕብየቶምን: ይሕግዝ: የተባብዕን ይመርሕን። እዚ ናይ ምኽሪ ምሃብ ንጥፈታት: ንኣብ ካንቶን ኣርጋው ዝነብሩ: ወይ ናይ ስልጠና ቦትኦም ኣብ ካንቶን ኣርጋው ንዝኾኑ ሰባት ብነጻ ይህብ።

ብዛዕባ ኣመራርጻ ሞያ: ምምራጽ ዓይነት ትምህርቲ: ምምራጽ መሰረታዊ ሞያዊ ስልጠና: ብዛዕባ ቀጻሊ ዝለዓለ ሞያዊ ስልጠና: ናይ ስራሕ ናብራ: ምድላይ ስራሕ. ዝኣመሰሉ ኣርእስትታት ዝምልከት ሓበሬታ: ብዝርዝር: ኣብ ሽዱሽትአን ናይ ሓበሬት ማእከላት ወይ ኣብ ኢንተርነት ኣብ መስመር/Online/ ይርከብ።

ኣብ ጎድኒ ጎድኒ እዚ ብውልቖ ንነብሲ ወከፍ ሰብ ዝወሃብ ሓበሬታ: ማእለያ ዘይብሎም መዓልቲ ሃበሬታ ንወለዲ ይኹን ንተመሃሮ መንእሰያት ኣለዉ። ዘይቋንቆኦም ዝዛረቡ ወለዲ ከኣ: መዓልቲ ሓበሬታታት ብዝተፈላለዩ ቛንቛታት ይወሃቡ።

ሓበሬታ ብዛዕባ ኩሎም ኣገልግሎታት ዝምልከት: www.bdag.ch

መወከሲ ሓበሬታ ማእከላት:
Aarau: E-Mail: blb@bdag.ch, Tel. 062 832 64 10
Baden: E-Mail: baden@bdag.ch, Tel. 062 832 65 10
Bad Zurzach: E-Mail: zurzach@bdag.ch, Tel. 062 832 65 60
Rheinfelden: E-Mail: rheinfelden@bdag.ch, Tel. 062 832 65 50
Wohlen: E-Mail: wohlen@bdag.ch, Tel. 062 832 65 70
Zofingen: E-Mail: zofingen@bdag.ch, Tel. 062 832 64 80

## (Fachstelle Team 1155) ማእከል ጉጅለ ክኢላታት:

እዚ ጉጅለ ክኢላታት: ንንኣሽቱ ሰባት: ንኣብ ሞያዊ ትምህርቲ ጸገም ዘለዎም: ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ: ኣብ ግዜ ስልጠና: ክሳብ መወዳእታ ናይ ስልጠና ግዜ ይሕግዝ/ይድግፎም። እዚ ኣቕርቦት ብነጻ ኮይኑ: ብሕድሕድ ምትእምማን ዝግበር ኢዩ።

ሓበሬት ንኣቕርቦት: www.1155.ch
ኢ-መይል: 1155@ag.ch, ቴለ.: 0800 1155 00 (ብዘይ ክፍሊት ትድውል)

**Departement**
**Bildung, Kultur und Sport**

Abteilung Volksschule
Bachstrasse 15
5001 Aarau

Juni 2016